**28-06-2010**

# 107 ኤርትራውያን ስደተኛታት ካብ ሽመልባ ናብ ሳልሳይ ሃገር ይሰጋገሩ!!

# 7ተ ኤርትራውያን ስደተኛታት ካብ ግብጺ ብሰላም ኣዲስ ኣበባ ኣትዮም!!

ሎሚ 28 ሰነ 2010፡ ብመስርሕ ግሩፕ ሪሰትልመንት 39 ኤርትራውያን ስደተኛታት ካብ ሽመልባ ናብ ኣሜሪካ ሎሚ ምሸት ተበጊሶም፡፡ እቶም ዝተረፉ 68 ኤርትራውያን ስደተኛታት ድማ ጽባሕ 29 ሰነ 2010፡ ክብገሱ ምዃኑ ተፈሊጡ'ሎ፡፡

ከምኡ'ውን ሎሚ 28 ሰነ 2010፡ 7ተ ኤርትራውያን ስደተኛታት ኣብ ቤት-ማእሰርትታት ግብጺ ካብ 3-14 ኣዋርሕ ክሳቐዩ ድሕሪ ምጽናሕ'ዮም ሎሚ መዓልቲ ብሰላም ኣዲስ-ኣበባ ኣትዮም፡፡ እዞም ዝኣተዉ ኤርትራውያን ስደተኛታት ብምልኦም ወተሃደራት ናይ ስርዓት ህግደፍ ዝነበሩ'ዮም፡፡

“**ምምሕዳር ቤት-ጽሕፈት ጉዳይ ስደተኛታትን ካብ ስደት ተመለስትን ኢትዮጵያ** (ARRA)” ካብ ቤት-ማእሰርቲ ግብጺ ናብ ኢትዮጵያ ዝኣተዉ፡ ክሳብ ሎሚ ዕለት 1345 ኤርትራውያን ስደተኛታት ተቐቢሉ ይርከብ።